ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.104 | ሰሉስ 31 ታሕሳስ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2



ተጽዕኖ ንጽል ስድራቤት

ገጽ 3

ኣቲ ዓቢ መጋረጃ ተቐንጢጡ



ገጽ 4

ብጽባሕና እንታይ ንሓስብ



ገጽ 5



ምስ ወለዲተይ ክራኽብ ተሓባቢሩኒ

ገጽ 7

ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ቀጺሉ



# ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ኣብ ውጥን መደባት ዘትዩ



ስኣሊ ሮቤል መረስዕ



ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ብ27ን 28ን ታሕሳስ ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ብምኽያድ፡ ኣብ ወጥን መደባት 2025 ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ገምጋም፡ ትግባረ ስራሕ ዝተፈላለየ ኣካላት ብመንጽር ዝተታሕዘ ውጥናት፣ ዝነበረ ብልጫታትን ድኻማትን፡ ከምኡ'ውን ብድህሪት ንምፍታሕ ዝተወስደ ስጉምትታት ዝገልጽ ብኣሃዝ ዝተሰነየ ዝርዝራዊ መብርሂ ቀሪቡ።

ተጋባእቲ ድሕሪ ዘተደዎ ዘተ፡ ብደረጃ ዞባ ተወጢኖም ዘይተተግበሩ ኣገደስቲ መደባት ክትግበሩ፣ ሽግር ህዝባዊ መጐዓዝያ ፍታሕ ክናደየሉ፣ ጠንቅታት ገበናትን በደላትን ንምልላይ ግቡእ መጸናዕቲ ክተፈደ፣ ኣድማዕት ሰራሕተኛታት ዘለዉ ስልጠናታት ከም ኣድላይነቱ ክውሃብ፣ ጕዳእቲ ወልፍታት ንምውጋድ ዝወጹ ኣዋጃት ክኽበሩ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ህዝቢ ዘተኩረ ገሳግሳት ክሕይል ዝብል ዝርከቦ ርእይቶታት ሂቦም።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ኣብ ዘሰመዖ መዐጸዊ ቃል፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ገምጋምን ኣብኡ ዝፈሰሰ ርእይቶታትን ብምጥቃስ፡ ዓቕሚ መንግስትን ዞባን ተራእዩ፡ ካብ ህዝቢ ዝቐርብ ጠለባት ከም ቀዳምነቱ - ደረጃ ብደረጃ ክስራሓሉ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣቶ ዘርኢት ወሲኹ፡ ምሕያል ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፣ ምዝዛም ኣብ መስርሕ ህንጻት ዝጸንሐ ስርዓት-ቀረብ ዝስተ ማይ፣ ምምሕያሽን ምጽጋንን ኣብያተ-ጽሕፈት ትካላት፡ ከምኡ'ውን ጽርግያታትን መንገዲ ኣጋርን፣ ምሕያል መደባት ባህልን ስፖርትን፣ ምውዳብ ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ዘማዕብል ስልጠናታት፣ ከምኡ'ውን ምኽያድ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣካበርቲ ዓድን ካልእን ካብ ቀንዲ መደባት 2025 ከምዝኾኑ ኣፍሊጡ።

# ሃይኮታ - ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ልምዓታዊ ንጥፈታት ንምዕዛዝ ተዘትዩ





ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ፡ ልምዓታውን ምምሕዳራውን ንጥፈታት ብኣድማዕነት ንኽትግበሩ ተሳትፎ ህዝቢ ብኣወዳድባኡ ክውርጽጽ ከምዝኾነኡ ምስ ወከልቲ ህዝቢ ኣብ ዝተገብረ ርክብ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሸኽዲን ሳልሕ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ንኣገዳስነት ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ኩሉም ዝወጡ ልምዓታዊ መደባት ብሓፈሻ፡ ኣብ መደባት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምሕጋዝ ጸገማት ወገናትን ብምጥቃስ፡ ኣብ 2025 ዝትግበሩ መደባት ንምዕዋት፡ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣካበርቲ ዓድን ውዳብ ህዝቢ ኣብ ምሕያል ጸቒጦም ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ ሄናክ ጸጋይ ብወገኑ፡ ሓላፊ ዘርኢ ብዘይ ሕጋዊ ፍቓድ ዋኒን ምስራሕን ዓመታዊ ግብሪ ኣብ እዋኑ ዘይምኽፋልን ክእረም ብምትሕስሳብ፡ ተግባራውነት ዝተወጠኑ መደባት ንምርግጋጽ ወሀደት ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ህዝባዊ ተሳትፎን ደገፍን ዘይብሉ መደባት ተግባራውነቶም ከውን ክኸውን ስለዘይክእል፡ ኣካላት ምምሕዳር ውዳብ ህዝቢ ብምዕባይ ተሳትፎኦም ንምርግጋጽ ኣበርቲዖም ክሰርሑ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

# ደቀምሓረ - ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ናይ ሰለስተ ዓመት ናይ ኣገልግሎት ግዜኦም ዝዛዘሙ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣካበርትን ንምትካእ፡ ኣብ 18 ምምሕዳራት ከባቢ ክካየድ ዝቐጸለ ምርጫ ተዛዚሙ።


ኣብዚ ካብ 18 ክሳብ 26 ታሕሳስ ዝተኻየደ ምርጫ፡ ንቕጥዕታት ናይ'ቲ ምርጫ ዘማልኡ ብህዝቢ ዝተረቖሑ ሰባት ንውድድር ክቐርቡ ከለዉ፡ 17 ደቂተባዕትዮን 15 ደቂኣንስትዮን ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ኮይኖም ተመሪጾም።

እቶም ዝተመርጹ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን፡ ኣብ 2025 ብወግዒ ስርሖም ከምዝጅምሩ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ'ቲ መስርሕ ምርጫ ተሳታፍነት ህዝቢ ዝማዕበለ ከምዝነበረ፡ ኣባላት ኣምራጺት ኮሚቴ ሓቢሮም።

ሓላፊ ፕሮጀክትታት ዓዲ-ሃሎን ሓላፊ ክፍሊ ማይ ዞባ ማእከልን ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ተሰዊኡ

ሓላፊ ፕሮጀክትታት ዓዲ-ሃሎን ሓላፊ ክፍሊ ማይ ዞባ ማእከልን ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኢብራሂም፡ ብ29 ታሕሳስ ብሃንደበታዊ ሕማም ኣብ መበል 55 ዓመት ዕድሚኡ ተሰዊኡ።



ብልዑል ትግሃቱን ተወፋይነቱን ዝልለ፡ ኣብ መበል 11 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝኸደ ኣቶ ሳልሕ፡ ጉልበቱን ሓንጎሉን ካብ ዘስተፈልጦምን ሞያዊ ክእለቱ ዘርኣየሉምን ዓበይቲ ፕሮጀክትታት፡ መስመር ጽርግያ ባጽዕ-ዓሰብ፣ ህንጻት ፋብሪካታት ሰፍሮ ባጽዕን ኣለቡን፣ ምህናጽ ትሕተ-ቅርጻዊ ስራሓት ዕደላ ማይ፣ ፋብሪካ ፕራስት ሕርጊጎ፣ ምስራሕ ቢንቶታት ጋሽ፡ ተኾምብዮ፡ ሃይኮታ፡ ኣለቡ፡ ባረንቱ፡ ዓዲ-ቀሺን ዓዲ-ዑመርን፣ ምህናጽ ዲጋታት ከርከበትን ሎጎን፣ መናድቕ ቢንቶ ከርከበት፣ ንጉዳዊ ማእከል ጋሕቴላይ፣ ከምኡ'ውን ምህናጽ ሓደሽ መጸዲ ጀላቡ ባጽዕ ይርከብዎም።

ብዘይካ'ዚ ኣቶ ሳልሕ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ግንባራት፡ ህጹጻትን ኣገደስትን ኣብ ዝኾኑ ወተሃደራዊ ጠባይ ዘለዎም ከበድቲ ስራሓት፡ ብረቂቕ ብልሓትን ተወፋይነትን ኣበርኪቶ ዝነበረ፣ ክሳብ ዕለተ ማስዋእቱ ድማ ብልዑል ተወፋይነት ንሃገሩን ህዝቡን ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣቦ 6 ደቂ እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ-መዚ መንግስትን ግንባርን፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ኣዘዝቲ ሰራዊትን መሳርሕቱን ስድራቤቱን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ትማሊ 30 ታሕሳስ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ፕሮጀክትታት ዓዲ-ሃሎን ክፍሊ-ማይ ዞባ ማእከልን፡ ብሃንደበታዊ ማስዋእቲ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ዝተሰመዖም መሪር ሓዘን እናገለጹ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓርቡን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብሉ።

# ተጽዕኖ ንጽል ስድራቤት

ጴጥሮስ ተፈሪ

ንጽል ስድራቤት ማለት፡ ብጽምዲ ወለዲ ዘይቈመት ስድራቤት ማለት እዩ። ዕለት መጸኣ፡ ብሓደኦም ካብ ወለዲ ዝኣለዩ ቈልዑ፡ ኣብ ሓደኦም ዝተጸዕነ ናብራ ዝሓዘት፣ ብዝተፈላለዩ መንገዲ ማለት ብሞት፡ ብኣእምሮኣዊ ሞት፡ ብፍትሕ፡ ብዘይተደልየ ጥንሲ፡ ብፆምርጫ ኣደ፡ ብምርዓም፡ ትፍጠር ስድራ እያ። ኣብ'ዚ እቲ ሞት ርዱእ ኩይኑ፡ እቲ ኣእምሮኣዊ ሞት ዝበል ግን፡ ናይ ሓደ ካብ ወለዲ ናይ ኣእምሮ ምስሓት እዩ። ብተወሳኺ እቲ ብፆምርጫ ዝበል፡ ገለ ገለ ደቀንስትዮ ብፆምርጫአን ወሊደን በይነን ውሉደን ከዕብያ ዝኣትዋአ ምርጫ እዩ። ብዘሾኑ እዞም ልዒሎም ዝተጠቕሱ ንጽል ስድራቤት ዝፈጥሩ ንባዕሎም ኣፍቶም መልክዕን ሞራልን እኳ እንተሃለዎም፡ ካብኡ ናብኡ ግና ክውገዱ ዘኽእሉን ካብ ቁጽጽር ወጻእቲን እዮም።

ንምኻኑ ንጽል ስድራቤት እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ? ኣብ'ዚ'ኸ ተረባሕቲ ወይ ተጐዳእቲ መን እዮም? እንተደኣ ኢልና፡ ንጽል ስድራቤት፡ ድኹሙቱ ዝዓቢ ረብሓ ኣልቦ ምኻኑ እዩ ዝገልጽ። ኣብ'ዚ ቈልዑ ቀንዲ ተሃሰይቲ ክኾኑ እንከለዉ፡ ኣደታት ድሕሪኦም ስዒበን ግዳይ ናይ'ዚ ይኾና።

ብመሰረቱ ደቂሱብ ክቈጻጸርዎን ክኣልዩዎን ዘይክእሉ ሰሪ ንጽል ስድራቤት ዝኾነ እንተደኣ ሃልዩ ሞት ናይ ሓደ ካብ መጻምዲ እዩ። እንተኾኑ እቲ ሞት ንመንፈስ እቲ ህይወት ስድራቤት ምሉእ ብምሉእ ሒዚዎ ዘይከይድ፡ ብኣካል ደኣ ይፈለ እምበር፡ መዋቲ ወትሩ ብዓይነ ሕልና፡ ኣካል እታ ስድራቤት ብምኻኑ ካብ ተዘክሮ እታ ስድራ ዘይርሕቕ ክስተት ብምኻኑ፡ ኣብ ሞራላዊ ተጽዕኖ እታ ስድራ፡ ካብ'ቲ ካልእ ጠንቂ ንጽል ስድራቤት ዝሓሸ ይገብር።

ብሰሪ ሞት ዝመጽእ ንጽል ስድራቤት ምስቶ'ም ካልኦት ብምውድዳር ከም ጌጋ ነገር ዝውሰድን ኑበሰ ወቐሳ ዝኑብርን ኣይኮነን። እቲ ምንታይ ካብ ኢድ ወይ ምሕደራ ተጻመድቲ ወጻኢ ብምኻኑ፡ እቲ ካልእ ጠንቂ ምስፍሕፋሕ ንጽል ስድራቤት ፍትሕ እዩ። ፍትሕ ንሓንቲ ስድራቤት ናብ ክልተ ይመቐላ። ብኣቦን ኣደን ክትምራሕ ዝጸንሐ፡ ናብ ክልተኦም ወይ ናብ ሓደ ጥራይ ብምዝዛው፡ ኣብ ጾር ሓደ ትወድቕ፤ ቈልዑ ተሃሰይቲ ይኾኑ።

እዛ ስድራ ተጻመድቲ ክቈጻጸርዎ ብዘኽእሎም ዝተፈንጠሐ ህይወት ዝተሰርሐት ስድራ እያ። ብሞራላዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ባህላዊ ሽግሽ፡ ተጻመድቲ ብርእሰ ወቐሱ፡ ዕለታዊ ካብ ርእሲ ብዘይወርድ ነቐፌታ ይሳቐዩ። እቲ ካልእ ጠንቂ ምስዕራር ንጽልቲ ስድራቤት ዝኾነ ዘሎ፡ እቲ ብሰንኪ ዘይተደልየ ጥንሲ፡ ወይ ጥንሲ ካብ ቃል ኪዳን ወጻኢ ወይ ጥንሲ ብፆምርጫ ዝበልናዮ እዩ። እዚ እቲ ዝለዓለ ቁጽሪ ሓዙ ዘሎ እዩ። ኣብ ገለ ገለ ሃገራት ውልቀ ደቀንስትዮ ዝረአ ዘለዋ ወረ ንኽትሰዐማ ግንብኑብ ዝበለካ እዩ። ክንዮ እቲ ብመደብን ዘይተመደበን ካብ ቃል ኪዳን ወጻኢ ዝዓበር ጥንሲ፡ ደቀ'ንስትዮ፡ ካብ ኣስማሮቶም ክጥቀስ ዘይደልዩ ወሃብቲ ዘርኢ ብፆምጥናስ፡ ኣቦኦም ዘይግለጽ ብስም ኣደኦም ጥራይ እናተጸውዑ ዝዓብዩ ቈልዑ ብፆምዕባይ ዝፍጠሩ ንጽል ስድራቤታት ኣለዋ።

እዚ ሰለስተ ከኣ እዩ ኑቲ ቀድሚ ሕጂ ብፍትሕ ዝፍጠር ዝነበረ ብዘሒ ንጽል ስድራቤታት ሓሊፉ፡ ሎሚ ብዝለዓለ ንጽል ስድራቤታት እናፈጠረ ዘሰፋሕፍሐ ዘሎ። ምርዓም ንባዕሉ እቲ ኣቦን ኣደን ብሓባር እናነብሩ ዝርዕምዎ ቈልዓ ዘይኮኑ፡ ኣደ ወይ ኣቦ ንበይናም ንዝርዕምዎ እዩ። እዞም ኩሎም ተጠቓሊሎም 16% ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ቈልዑ፡ ኣብ ንጽል ስድራቤት ከፆምዝዮብዩ ገይሮምዎም ኣሎ።

ከም ታሪኽ ንጽል ስድራቤታት ኣብ ምፍጣር ዓቢ ግደ ዝነበሮ ውግእ ወረ ውግእን ተላባዕቲ ሕማማትን ተወሲ'ኽዎ ሞት እዩ ዝነበረ፡ እንተ ሎሚ እቲ ብሞት ዝፍጠር ዝነበረ ቁጽሪ፡ ኣብ ከመይ ደረጃ ኣሎ እንተደኣ ኢልና ኣብ ዝተሓተ። ሞት ስለዝተረፈ ዘይኮነ ግና እቲ ካልእ እምብዛ ስለዝበዘሐ እዩ።

ስለዚ እቲ ንንጽል ስድራቤታት ዝሜጨሐን ዘሎ፡ እቲ ክንቈጻጸሮ ብዘይንኽእል ሞት ዝመጽእ ዘይኮኑ፡ እቲ ባዕልና እንፈጥሮ እዩ። እዚ ንጽል ስድራቤት፡ዘይከፆምቲ ክንኣትዎ እንኽሎና ናጽነት ዝዮብለሎ ዝመስለና፡ ንቈልዑን ኣለይቲን ኣብ ባርኑትን ጭንቀትን ዘእቱ ምኻኑ እዩ ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ። ስለዚ እቲ ተጽዕኖ ሕጂ እውን ኣብ ኣደ እዩ ዘሎ። ሓያሎ ምዕቡላት ዝበሃለ ሃገራት ብመዓር ዝተሸፈነ ዕረ ተሰኪመን ዘጕዓዛ እየን። እቲ መንቀሊ ምስፍሕፋሕ ንጽል ስድራቤት ከኣ ሞት ዘይኮኑ እቲ ከም ምዕባለ ክረአ ዝጸነሐ ጉዳይ ዘይቅዩድ ወሊድን ፍትሕን ዘይ ምዕሩይ ምርዓምን እዩ።

እዚ ብመጠኑ ኣብ ሃገራት ኤሲያን ማእከላይ ምብራቕን ዝሓሸ ክኸውን እንከሎ፡ እተን ሰለስተ ብኣሉታ ንጽል ስድራቤት ዝጽውዓ ከባቢታት ከኣ፡ ክልተ ኣመሪካን፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ሽወደንን እየን። ሽወደን ብፍላይ ንዓና ንኤርትራውያን ኣብ'ዚ እዋን ግር ትብል ሃገር ኣይኮነትን። ሽወደን 'እታ ንኣደ ዝመቸኣት ሃገር' እናተባህለት ክትጸዋዕ ተደጋጋሚ ዘይሰማዕና ኣይንኸውን። እሞ ስለምንታይ ደኣ እያ ሽወደን በዚ ከም ኣሉታ ዝጽብጸብ ዘሎ ጉዳይ ምፍጣር ንጽል ስድራቤት ትሕሙ። ትሕመ ጥራይ ዘይኮነትስ ኣብ ቀዳሚት ትስመ?። እወ እቲ ኩልና ኣዕምቑ ኣብልና ዘይንሓሰበሉ፡ ጸቡቕ ዝመሰለና ጉዳይ ቁጠባ ቀዳምነት ስለእንህቦ ከይኮነ ኣይተርፍን። ሽወደን ንኣደታት ዘድልየን ቁጠባዊ ወይ ነገራዊ ቀረብ ቀሪባ "ክበራ ንበራ" ብፆምባል ተመቻቹኣለን። ስለዚ ሽወደን ነገራዊ ብምቕራብ ደኣ'ምበር ሞራላዊ ወይ ኑቲ ረቂቕ ነገር ክትድገም ኣይትኽእልን እያ። ኣብ'ዚ እታ ሃገር ንንጽል ስድራቤት ተተባብዕ ኣይኮንናን ንብል ዘሎና። እቲ ጌጋ ኣብ'ቲ ሰብ እዩ። እቲ ዝነበረሉ ድንግግ እኹል መሰልዎ፡ 'መንግስቲ ዘሎቶ እንታይ ኣብ ትሕቲ ሰብኣይ ኣእተወና' ብዝዓይኑ ኑቲ ምንጻል ይኣትዋኦ። ብድሕሪኡ ንሳተንን ደቀንን ኣብ ውሽጣዊ ስቅያት ይኑብራ።

ንሞራላዊ ነገር፡ ካብ ውሽጥኻ'ዩ። ባህሊ'ኻን ባህርኻን እዩ ዝፈጥሮ። ገንዘብ ኣቦ ዝቐርቦ ንብረት እምበር ኣቦ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ገንዘብ ኣደ ትቐርቦ ንብረት እምበር ኣደ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። እቲ ረቂቕ ብገንዘብ ዘይሽመት ከኣ እዩ ቀዳምነት ውላድ ሃረር ዝበሎ። እቲ ካልእ ግዚያዊ መተዓሻሸዊ እዩ። ሞራላዊን ነገራዊን ቀረብት በበይኖም እዮም። እዚ ናይ ንጽል ስድራቤት ከም ጸቡቕ ተወሲዱ ክሳብ ዝስዕርር ክረአ ጸኒሑ ሕጂ ሓፍ ፈጢቕ ዝበል ዘሎ እውን፡ ንሞራል ክትክእ ስለዘይክኣለ እዩ። ሞራላዊን ስነ-ልቦናዊን ሃሲያኡ ስለዝዓበየ እዩ። ሓደ ቈልዓ ንፍቕሪ፡ ሓልዮት፡ ሞራላዊ ምኽሪ፡ ተግሳጽ፡ ተጉዳሰት ወላዲኡ፣ ካብ ጁባ ኣቦኡ ወይ ጥፍሒ ኣደኡ ኣውጺኡ ዝረኽቦ ኣይኮነን። ወይ እውን ካብ ዕዳጋ ከይዱ ዝዕደግ ኣይኮነን።

እዚ ብቐጥታ ካብ'ቲ ዝደልዩ ወላዲ ቀስ ብቐስ ዝሰርጽ ብትዕዝብቲ ዝሁበትም ብቐጥታ ዝወሰድ ምኽሪ ዝርከቦ ጸጋ እዩ። እዚ ከኣ ኣቦን ኣደን ብሓደ እንተዘይ ሃልዮም ናይ ክልተኦም ብማዕሪ ክረኽብ ኣይክእልን እዩ። ምስ ሓደ ዝኑብር እንተደኣ ሃልዩ እቲ ናይ ኣቦ ዝምዝዮብ ክፋል ሓንገሉ ከፋት ኩይኑ እዩ ዝተርፍ። እቲ ናይ ኣቦ ዘቐምጠሉ ልቡ ሃጓፍ ገይሩ እዩ ዝኑብር። ምኽንያቱ፡ ብጀካ እቲ ወላዲ ካልእ ክመልኦ ኣይክእልን እዩ። ምስ ኣቦ ጥራይ ዝኑብር እንተኾይኑ እውን እቲ ናይ ኣደ ሽንኽ ከምኡ። ስለዚ ብመንጽር እዚ ሃሲያ ናይ ንጽል ስድራቤት ዘኾትሎ ሳዕቤን፡ ናይ ሽወደን ኩነ ካልኦት ከምኣ ንኣደን ውሉዳን ምቹኣት ዝበሃላ ሃገራት፡ ምቹእኑት ንኣካል ደኣ'ምበር ንኣእምሮ ቈልዓን ኣደን ዝምግብ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ስድራቤት ናይ ግዜ ርእሳ ስርዓትን ኣገባብን እዩ ዘለዋ። እቲ ቀንዲ ንስድራቤት ከም ስድራቤት ዝሃንጻ ከኣ እዚ ካብ ኣቦን ኣደን ዝረኽብ ሞራላዊ ህንጻት እዩ። ነገራዊ ነገር ጥራይ እዩ ዘለዓዕል፡ የፋትሕ ንጽል ስድራቤት ከኣ ይፈጥር።

ሓንቲ ስድራቤት፡ ስድራቤት ክትብሃል እንተደኣ ኩይና ፍቕሪን ሕቡራብን ቀንዲን ኣገዳሲን እዩ። እዚ ከኣ ካብ ኣቦን ኣደን ክርከብ ኣለዎ። ኣቦን ኣደን ከኣ ብሓደ ክህልዉ ኣለዎም፣ ኑፍቶም ዕማም ብማዕረ ክፆም ከኣ ይግባእ። ቈልዑ፡ ናይ ኣደ ካብ ኣደ፡ ናይ ኣቦ ካብ ኣቦ እዮም ክረኽብዎ ዝደልዩ። ናይ ሓደ ካብ ወለዲ ምስኡ ዘየለ ውላድ፡ ሃንቀውታ ናይ'ቲ ምስኡ ዘየሉ፡ ካብ ውሽጡ ከይረሓቐሉ እዩ ዝኑብር። እዚ ከኣ ኣብ ዕለታዊ ህይወቱን ካልእን ሃሲያ ይገብረሉ። ጸቡቕ ክበልዕ ጸቡቕ ክኽደንን ክረግጽን ይኽእል ውሽጡ ግና ጸቡቕ ኣይኑብርን እዩ።

ክኢላታት ኣብ'ቲ ምልእቲን ኣገዳሲትን ስድራቤት ከመይ ዝበለ ቅርጺ እዩ ክህልዋ ዘለዎ? ዝብል ምጉቶም፡ እቲ ፍቕሪን ዓሚቕ ቅርበትን ኣማእኪሉ ብዝተገብረ ክትዕ ነታ ብኣደ ወይ ብኣቦ ጥራይ እትእለ ስድራቤት ከም ምልእቲ ስድራቤት ክቕበልዋ ኣይክኣሉን። እቲ ምኽንያት ከኣ "ኣብ'ዛ ንጽል ስድራቤት ሓደ ሃጓፍ ናይ ሓደ ወላዲ ኣሎ፡ እቲ ሃጓፍ ከኣ ኣብ ውሽጢ እቶም ደቂ እውን ኣብ ኣእምሮኦምን ልቦናኦምን ሃጓፍ ፈጢሩ እዩ ዝኑብር" ክብሉ እዮም ደምዲሞም።

ብተወሳኺ ኣብ ንጽል ስድራቤት፡ ናይ ኩተቴ ፈንጠጋርኑት ወይ ቀይዲ በተ'ኽኑት እምብዛ ዝሰዕረረ ምኻኑ ገሊጾም። ቀጺሎም፡ ሓደ ቈልዓ ኣብ ስድራኡ ንዕኡ ዝመስል ጸታ እንተዘይሃልዩ ከም ምቹእ ወይ ቅኑዕ ሞዴል ዝወስዶ ነገር ይጉድሎ እዩ። እቲ ምንታይ ግዘኻ ፈለማ ቤት-ምህርቲ'ኻ ወለዲ'ኻ ከኣ ቀዳሞት መምህራን'ካ ምኻኖም ስለዘይኩሓድ ንዝበል ሓቂ ብፆምቕራብ ይጸቕጠ። ምፍልላይሲ ይትረፍ ይብሉ ንሳቶም፣ ንዝተወሰነ እዋን ናይ ሓደ ካብ ወለዲ ብማእሰርቲ ምፍላይ እኳ፡ ኑቶም ቈልዑ ኣብ ኣካዳምያዊ ብቕዓቶም፡ ጽልዋ ይገብረሎም እዩ። ዝያዳ እቶም ምስ ጥምርቲ ወይ ምልእቲ ስድራቤት ዝዓብዩ ቈልዑ፡ ኣብ ወጽኢት ትሑት ነጥቢ የመዝግቡ። ዘይምእዙዛት፡ ኣብ ትምህርቲ ብፍላይ ኣብ ስነ-ፍልጠትን ቁጽሪን ድኹማት፡ ተደጋጋሚ ካብ ትምህርቲ ዝጠኩሩ፣ ኣብ ብቕዓቶም ድኹማት ኣብ ርእሲ ምኻኖም፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም የቋርጹ ኩቦሉ ይዝርገዙ።



ብተወሳኺ ሓያሎ ነጥበታት ወይ ትዕዝብቲታት እየም ዘለዉ. ይብል ሓደ "ዝ ኢንስቲትዩድ ፎር ስታዲ ኦፍ ሲቪል ሶሳይቲ" ዝተባህለ ትካል። ኣብ ንጽል ስድራቤት ዝዓበየ ቈልዓ፡ ምስ ተቓያያሪ ናይ ስድራቤት ቁጠባ፡ ዘይከም እቲ ኣብ ጥርንፍቲ ስድራቤት ዝኑብር ቈልዓ፡ ኣመና ንጸገም ክቃላዕን ክጻጸዱን ምኽኣል ክስእኖን ይኽእል። ብተወሳኺ ክልተ ዕጽፊ ዝያዳ ካብ'ቶም ምስ ምልእቲ ስድራ ዝዓብዩ፡ ብናይ ኣእምሮ ጸገም ክሳቐ ይኽእል። ከምኡ እውን እቶም መጽናዕቲ ዘተየዱ ብዘይ ኣቦ ዝዓበ ቈልዓ፡ ሰለስተ ዕጽፊ ዝያዳ ካብ'ቶም ምስ ኣቦን ኣደን ዝዓብዩ፡ ዘይሕጉስ ክኸውን ይኽእል። እዚ ከኣ ኣንጻር ማሕበራዊ ባህርያት ዝኾነ ልምዲታት ከማዕብል፡ ወይ ኣብኦም ክጽመድ ይኽእል ይብሉ። ስለዚ ወለዲ ቀዳሞት ንደቆም ጸለውቲ ከም ምኻኖም መጠን፡ ተፈላሊ'ኻ ዝዝበር ህይወት ፈጺሙ ንቈልዑ ዘፆምችእ ከፆምዝይኮኑ፡ እኳ ደኣ ዘኸብደ ሃሲያ ከፆምዝፈጥረሎም ይሕብሩ። ዓቕሙ-ኣዳም ወይ ሄዋን ዘይበጽሑ ንጉዳይ ፍትሕ ኣይግዝዙበምን እዮም። ንሳቶም ኣቦኦምን ኣደኦምን ብሓደ ክህልዉ እዮም ሃንቀው ዝበሉ። ዝ. ክስእንዎ እንከለዉ. ከኣ፡ ሕማቕ ባህሪ የማዕብሉ። ከምኡ እውን ኑቲ ንሳቶም ዝረኣዩዎ ብፍላይ ፍትሕ፡ ካብ ፈለማ ንዕኡ ብፆምቕዳሕ ናይ ኣደ ንጓላ ከፆምዝበሃል፡ ምስ ዓበዩ እውን ክደግምዎ ይኽእሉ።

ኣብ መደምደምታ፡ እዚ ንጽል ስድራቤት፡ ኣማኢያኡ ውጽኢቱ ኑቶም ዝሓሸ ባይታ ንፈጥረሎም ዘሎና ዝመስለና ቈልዑ፡ ከምኡ እውን ንዓና ጸቡቕ ኣማሪጺ ዘለዎ ህይወት ዝኾነልና ዝመስለና ግና ከፆምቲ ዝሓሰብናዮ ዘይከውን፡ ተመሊሱ ኣብ ዘይምርጋእ ውሽጣዊ ህይወት ዝሸመና እዩ። ካብ'ዚ ብፆምብጋስ ደቀንስትዮ ብዝተኻእለ መጠን ካብ ወሊድ ቅድመ-መርዓ፡ ብፍላይ ከኣ ካብ ዘይተመደበ ጥንሲ ክጥንቀቓ፡ ሽቶአን ሓንቲ ምልእቲ ስድራቤት ንኽሃንጻ ክጽዕታ፡ ምእንቲ ግዜ-ርእሰንን ደቀንን ኣይፋል ኣብ ዝበሃሎ ኣይፋል ክማዕበላ ይምኽራ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም　ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ　ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ብጽባሕና እንታይ ንሓስብ?

ቤትኤል ሰለሙን

"ኣነ ንጽባሕ ኢለ ብዙሕ ኣይጭነቕን እየ? በቃ ንሎሚ እነብር፡ ጽባሕ እንተ'ለኹ ግርም፣ እታ ጽባሕ ድማ ሎሚ ዝብል ስም ምቕያራ ስለ ዘይተርፉ ምስ መጽኣት ንላለያ።"

"እዋእ፡ ኣቲ ንዒ'ባ ከም ሰብ ኩኒ። መጻኢኺ ከተጸብቒ ዶ ኣይኮንክን ለይትን መዓልትን ትሰርሕን ትጽዕርን ዘለኺ።"

"ሰብ እንድየ ዘለኹ መሓዛይ፡ ንስኺ ኢኺ ሰብ ምኳን ዘድልየኪ ዘሎ። ምኽንያቱ ናይ ህይወትኪ ውሕስነት ምሳኺ ዘይኮነት ምስ ፈጣሪኺ እያ ዘላ። ስለዚ ርግጸኛ ክትኮኒ የብልክን። ደሓር ከኣ ኣይትርድእንን ኣለኺ እምበር፡ እዛ ጽባሕ ትብልያ ዘለኺ ናተይ፡ ሎሚ ምስ ኮነት እየ ከጸብቓ ዝፍትን፣ ስለዚ ንኸምኡ እየ ዝሰርሕ ዘለኹ።"

"ኦይ... ንስኺ ደኣ ዘይትርትዒ።"

እዚ ዕላል ቀቅድመይ ናይ ዝኾዳ ዝነበራ ኣብ ዕድመ መንእሰይ ዝርከባ ኣዋልድ እዩ ነይሩ። ዕላለን ከይተረድኣኒ ዘላግሰሉ መንገዲ ገዛይ ስለ ዘብጽሓኒ ግን ክገድፈን ተገዲደ። ንበይነይ ግን ነቲ ሓሳባት ከሰላስሎ ፈቲነ። ነታ ኣዝያ ደስ ትብለኒ መማህርተይ ዝነበረት ብዛዕባ ጽባሕ ዘዕለለትኒ ዕላል ድማ ደጊመ ኣስተማቒረያ። ወላ'ኳ ኣብዚ እዋን ምሳይ ኣይትሃሉ፡ ሓሳባ ግን ወትሩ እመላልሶ እየ።

"መዓልታዊ ንጥፈታት ናይዛ እንነብረላ ፕላኔት፡ ብጸሓይ ምብራቕ ይጅምር። እዚ ድማ ዘይተርፍ ትዕድልቲ መፈለምታ ናይታ ጽባሕ መዓልቲ እዩ። ወትሩ ሓዳስ መዓልቲ ብደርሆ ነቒን ጨራታት ጸሓይን ምምጻእ ምስ ተበሰርና ድማ፡ ዕለታዊ ንጥፈታትና ነካይድ። መዓልታዊ ናብርኦም ዘካይዱ ሰራሕተኛታት፡ ፍልጠት ክውስኹ ዝኸዱ ተመሃሮ፡ ኣምላኽ ከምስግኑን ክልምኑን ዝኻዓዙ ምእመናን፡ ብሓፈሻ ንሰብ ዘድሊ ንጥፈታት ይካየዱ። ሓድሽ ምህዞ፡ ባህርያውን ሰብ ሰርሖ ሓደጋ፡ ዝሞቱን ዝውለዱን፡ ዝፋትሑን ዝምርዓዉን፡ ዝኸዱን ዝመጽኡን፡ ጽቡቕን ክፉእን ናይዛ ዓለም ኣብ ጸጽባሕ እዩ ዝፍጸም። እዚ ኹሉ ፍጻመታት ኣብ ጸጽባሕ ዘጋጥም ካብ ኮነ ኣነን ንስኽን እውን ተኻፈልቲ ናይ ኣጋጣሚታት ጽባሕ ኢና። ግን ከኣ ብዘይካ ንፈጣሪኻ ብሰላም ኣሕዲርካ ብሰላም ኣተስኣኒ ኢልካ ምጽላይ፡ ካብዚ ኹሉ ኣየናይ ፍጻመ እዩ ጽባሕ ክገጥመና እንፈልጦ የለን።"

ከምዚ ኢላ ኣብ እተዕልለኒ ዝነበረት ህሞት ብዛዕባ ጽባሕ ዝኾና ከስቆርቁር ስለ ዝሰምዓትኒ እያ። ወትሩ ድማ ብዛዕባ ጽባሕ እጭነቕ፡ እፈርሕ፡ ብዛዕባ ትማሊ ንምንታይ ጌረዮም ዝበልክዎ ነገራት ዘኪረ ጽባሐይ ከይበላሾ ብማለት እጠዓስ፡ ብሓፈሻ ምልኡነት ኣይሰምዓንን ነይሩ። ምኽንያቱ ርግጸኛ ኣይነበርኩን። እዛ ፈታዊተይ ብዛዕባ ጽባሕ ምኽሪ ክትለግሰለይ ከላ ዝሓተተኒ ሕቶ፡ መልሲ ክረኽበላ ኣይከኣልኩን። "ምናልባት መጻኢና ዝንገረና ነይሩ እንተ ዝኸውን ናይዚ እንነብሮ ዘለና መቐረት ህይወት ከመይ ምመሰለ ኢልኪ እስከ ሕሰቢ፣ ንስኺ ኸ እንታይ ምወሰንኪ?"

እዛ ሕቶ ብርግጽ ንዝኾነ ሰብ ኣብ ሓሳብ ትሸምም ሕቶ እያ። ንስኹም ትምልስዎ መልሲ ከም ዘለዎ'ሞ ይጽናሕ። ንሳ ዝሃበትኒ መብርሂ ግን ካልእ ሕቶታት ውሽጢ'ዩ ዘልዕለልካ። "በቲ ዝተዋህበና ናይ መጻኢ ዕጫ መደብና ፈሊጥና ህይወትና ዶ ከነማሓይሽ ምጸዓርና? ወይ ከኣ ግዜ ስለ ዘለኒ ቀስ ኢለ ኣርክበሉ ብምባል ዓቕምና ከይተጠቐምናሉ ንሸንቱ ምነበርና? ብሓፈሻ ስለምንታይ እዮም ሰባት ንዘይፈልጥዋ ጽባሕ ክንዲ'ዚ ዝሓስቡ እንተ ኢልና ብዛዕባ ጽባሕ ርግጸኛታት ስለ ዘይኮኑ ጥራይ እዩ።"

እዛ ፈታዊተይ እተልዕሎ ሕቶታት ነቲ ምስ ገዛእ ርእሰይ ዝነበረ ግጭት ክፈትሕ ክንዲ ዝፍትን ዝገደደ ግጭት እዩ ፈጢሩለይ። ምኽንያቱ ጽባሐይ ክፈልጦ ዕድል እንተ ዝወሃበኒ፡ ቀሪበ እየ ክመውት ንምንታይ እደክም ኢለ ንሞተይ መቀላጠፍኩ፣ ወይ ከኣ ጌና ሃለኽለኽ ናይ ህይወት ብዙሕ'ዩ እሞ ንምንታይ ክንዲ'ዚ ጻዕሪ ኢለ ምተረኸኹመሸኩ፣ ኖኖእ እታ ናተይ ጽባሕ ብዋጋ ጻዕረይ'ያ እትጽብቕ ኢለ ካብ ተስፋ ምቑራጽ ምድሓንኩ። ንስኹም ከ ክቡራት ኣንበብቲ፡ "ብዛዕባ ጽባሕ ርግጸኛ ዝገብረና እንታይ እዩ?"

ሕጂ'ውን እቲ ንኣእምሮይ ዝገዝአ ምኽሪ ፈታዊተይ እየ መልሰይ ጌረዮ ዘለኹ። "ክንውለድ ከለና ዝወሃበና ሓይሊ ዘሎ ኮይኑ ይስምዓኒ። ንሱ ኸኣ ኹልና ውልድ ምስ በልና እነውጽኣ ድምጺ ንኽያት'ያ። ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ዕልልታ ኣሎ። ስለምንታይ እዚ ኣንጻር ኮነት ብሓደ ይፍጸም እንተ ኢልና፡ ድማ ምናልባት ዓለም ክልተ ገጻት ስለ ዘለዋ ዶ ይኸውን ኢለ እሓስብ። ስለዚ ድሕሪ ብኽያትን ቃንዛን፡ ዕልልታን ሰሓቕን ኣሎ። ነዚ ክንጻወር ድማ ሓደ ሓይሊ ክህልወና ኣለዎ። እታ ንኹሉ ክንገብር እተኽእለና ድማ 'ተስፋ' እትበሃል ባህሪ፡ ኣብ ኣእምሮ ኹሉ ወዲ ሰብ ዘላ እያ።"

ነዛ ሓሳብ ኣብ ዝነገረትኒ ህሞት ዝተሰምዓኒ ሓጐስ ወሰን ኣይነበሮን።



ንዓይ'ውን ከም ኩሉ ሰብ ንድልድል ጽባሕ ዘሳግረኒ ተስፋ ዝበሃል ሓይሊ ከም ዘለኒ ክበርሃለይ ጀሚሩ። 'ከምቲ ዝበለቶ ድማ ንኹሉ ተዋሂባ እንተ'ላስ ባዕልኻ እንተ ዘይኣጥፊእካያ ብናጻ ዝተዋህበትካ መብራህቲ ህይወትካ እያ ማለት'ዩ' ክብል ድማ ሓሲበ። እሞ ተስፋ እያ ብዛዕባ ጽባሕ ርግጸኛ እትገብረና ማለት ድዩ? ዝብል ሕቶ ከም ዝሓተትክዋ ኣይርስዖን እየ። "ብርግጽ፡ ንጽባሕ ብተስፋ ኢኻ እትጽበያን እትነብራን። ክትሰርሕ፡ ውጽኢት ሰራሕካ ክትርኢ፡ ክትዕወት፡ ካብ ሕማም ክትሓዊ፡ ክትምርዖ፡ ክትወልድ፡ ከተዕቢ፡ ወዘተ ብተስፋ ኢኻ እትገብሮን እትጽበዮን። ስለዚ ተስፋ ክንዲ'ታ ኣብ ምሉእ ቤት ትበርህ ሽምዓ ኣእምሮና እያ። ንኹሉ ህይወትና ስለ እተብርሆ፡" ዝብል መልሲ'ዩ ተዋሂቡኒ።

ዝኾነ ሰብ ብሓፈሻ፡ ንሕና መንእሰያት ድማ ብፍላይ ተስፋ ዝበሃል ምርኩስ ክህልወና ኣገዳሲ'ዩ። ምኽንያቱ፡ እታ ጽባሕን እታ ተስፋን ብማዕረ ዝብጽሓና ብምኳነን ብግቡእ ክንጥቀመለንን ክንነብረንን ስለ ዝግብኣና። ከምዚ እዛ ፈታዊተይ ነገር ጽባሕ ክበርሃለይ ምስ ጀመረ ዘቕረበትለይ መደምደምታ'ዩ። "ርኢኺ ኣለኺ፡ እቲ ፍልልይ ናይ ኣተሓሳስባናን ኣረኣእያናን እዩ። ገለና ብድኹምን ኣሉታውን ኣተሓሳስባና፡ ንተስፋና ኣጥፊእና ጽባሕና ነኽፍኣ። ገለና ድማ ኣእምሮና ብሰራሕ ጸሚድና ንጹህን እወታውን ኣተሓሳስባ ብምውናን ብተስፋ ብድሆታትና ብምግጣም ጽባሕና ነጸብቕ። ስለዚ፡ ጽባሕ ንኹሉ ማዕረ እዩ። ጽባቐ ጽባሕና ኣብ ስንቂ ተስፋና'ዩ ዝምርኮስ። ስለዚ፡ ኣጆኺ ስንቂ ተስፋኺ ኣይተጉድሊ'ሞ፡ እታ ዝጸበቐት ጽባሕ ክትፈጥርያ ኢኺ፡" ብምባል'ያ ኣብ መንቀራቕሮ ኣእምሮይ ሓቢኣ ዘጥፋእክዋ ተስፋይ ከም እትምለስ ገይራ። ድሮ እኳ እቲ "ንምንታይ ርግጸኛ ኣብ ዘይኮንኩሉ ጽባሕ እሳቐ፡" ዝብሎ ዝነበርኩ ኣተሓሳስባ ኣጥፊእሱ፡ ብመሳልል ተስፋ ብምሕኳር፡ ጫፍ ድሌታተይ ኣብ ምርካብ በጺሐ ኣለኹ።

እዘን ኣብ ህላወ ጽባሕ ክርክር ከካይዳ ዝሰማዕክወን መንእሰያት፡ ብሸነኽ ክልቲአን ሓቂ ክህሉ ይኽእል እዩ ዝብል ግመት ኣለኒ። ንሱ ድማ ኣመና ብዛዕባ ጽባሕ ክትጭነቕ የብልካን፣ ኣመና ድማ ሸለል በሃሊ ክትከውን የብልካን። "ጽባሕ ንርእሳ ትጭነቕ እያ'ሞ ንጽባሕ ኢልኩም ኣይትጨነቑ፡" ይብሃል'ውን እዩ። እዚ ማለት እምነትን ተስፋን ይሃልኹም እዩ ዘሰምዕ።

ብርግጽ ብዛዕባ ጽባሕ ርግጸኛታት ክንከውን ዘኽእል ሓይሊ ዘይብልና ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ ታሪኽ ብዙሓት ከም ዝምህረና ግን ጽባሖም ሎሚ ክትከውን ምኳና ብምእማን ብተስፋ እናጸዓሩ እዮም ኣብ መዝገብ ታሪኽ ሰፊሮም ዘለዉ። እታ ዘይትሰምዕን ዘይትርእን ሄለን ከለር፡ እቲ ንፈተነታቱ ተስፋ ከይቁረጸ ኣብ ጸጽባሕ ጻዕሩ ዘዛየደ ቶማስ ኤዲሰን፡ ብዓቢኡ ድማ እቲ ሰላሳ ዓመታት ብኒሕን ሓቦን ተስፋ ሰኒቑ ንጽባቐ ጽባሕ ዝተቓለሰ ጅግና ኤርትራዊ ዓቢ ኣብነትና እዮም። ሓደ ብዓል ዕድመ ጸጋ ዝኾነ ሰብኣይ ከም ዝበሎ፡ "ትማሊ ከይዘከርካ ሎሚ ክዕየ ኣይከኣልን'ዩ። ሎሚ ከይሰራሕካ ኸኣ ጽባሕ ዝዝከር ታሪኽ ክህልወካ ኣይክእልን እዩ።"

ስለዚ ንሕና ኣብ ዕድመ ንእስነት ዘለና፡ ዕለታዊ ሓሳብና፡ ሰናይን ቅኑዕን፡ ብተስፋ ንቕድሚት ዘሰጉም ክንገብሮ ኣለና። ትማሊ ዘምጽኣና እናዘከርና፡ ምስ ሓለፍና ድማ ጽባሕ ዝዝከር ታሪኽ ክህልወና፡ ንጽባቐ ጽባሕና ብሚዛናዊ መንገዲ ክንጽበዮ ኣለና። ብዙሕ ከይተጨነቕና፡ ኣመና ከኣ ከይተዛነና።

## ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### ዝነቐዐ ክፉል ተፈጥሮ

ኣብ ሓደ ዓዲ ናይ ቻይና'ዩ። ሓደ ብኽልተ ዓበይቲ ዕትሮ ማይ ዝጓርት ሓደ ሰብኣይ ነበረ። ክልተ ዕትሮ፡ ብኽልተ ጫፍ ናይ ሓደ ተሪር በትሪ ብምንጥልጣል ኣብ ማእገሩ ጾይሩ ይጓርት ነበረ። ሓንቲ ካብተን ዕትሮ ነቓዕን ማይ ተንጥብን፣ እታ ሓንቲ ኸኣ ጥዕይቲ ዘይተንጥብ ነበራ። እታ ዘይተንጥብ ዕትሮ ኩሉ ግዜ ምሉእ ከተዕርቕ እንከላ፡ እታ ነቓዕ ግን ፍርቂ ተዕርቕ ነበረት። በዚ ኸኣ እታ ነቓዕ ዕትሮ ትጉሂ ነበረት።

እቲ ሰብኣይ ንኽልተ ዓመት ምሉእ፡ በታ ሓንቲ ምሉእ ዕትሮ ማይ በታ ሓንቲ ኸኣ ፍርቂ ዕትሮ ማይ ናብ ገዛኡ ኣብጽሐ። እታ ነቓዕ ዕትሮ በቲ ፍርቂ እተብጽሖ ማይ፡ ተስፋ ዘይብላን ዘይምልእትን ምኻና ኣጉሃያ። ክልተ ዓመት ምሉእ በዚ መሪር ውድቀት ኢላ ዝሓሰበቶ ዝሓሰበቶ፡ ኩሉ ነገር ኣጽልኣ። ሓደ ንግሆ ኣብቲ ማይ ዝቕድሖ ቀላይ እንከለው፡ "ኣነስ እሓፍር ኣለኹ። እዚ ነቓዕ ወገነይ ማይ እናኣልሓኹ ካብቲ ዝግብኣኒ ፍርቂ'የ ናብ ገዛ ዘብጽሕ ዘለኹ፡" በለቶ ነቲ ሰብኣይ።

"ማይ መሊእና ክንከይድ እንከለና ብየናይ ሸነኽይ እስከመኪ?" ብሕቶ መለሰ ጓራቲ ማይ ሰብኣይ።

"ኵሉ ሳዕ ብየማናይ መንኰብካ ኢኻ እትጸረኒ።"

"እሞ ኣብቲ ንገዛ እንኸደሉ መገዲ፡ እቲ የማናይ ሸነኽ በቒሉ ዘሎ ዕምባባታትከ ርኢኺዮዶ ኣለኺ? ብጸጋማይ ሸነኽ ዕምባባታት የለን። ማይ ዘልሑኾ ሸነኽ ከም ዘሎኪ ብኣጋኡ'የ ፈሊጠ። ሸዑ ዕምባባታ ዘሪኣሉ። ማይ መሊእና ክንምለስ እንከለና ኸኣ ካብቲ ካባኺ ዝነጥብ ማይ ይሰቲ ነይሩ፣ ንስኺ ኢኺ ማይ እናስተኺ ኣዕቢኺዮ። ብዘይ ብኣኺ እቲ ንግሆ ንግሆ ጥዑም ሽታን ባህታ ዝፈጥር ትርኢትን ኣብ መገድና እንረኽቦ፡ ካብኡ ቀንጢብና ኣብ ማእከል መመገቢ ጣውላና እንቕምጦ ባህ ዘብል ዕምባባታት ኣይምሃለወን ነይሩ። እዚ ዝነቐዐ ክፉል ተፈጥሮኺ እንተ ዘይህሉ፡ ገዛናን መገድናን ብዕምባባ ኣይምተባረኸን።"

Inspirationalstories.com

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ምስ ወላዲተይ ክራኸብ ተሓባበሩኒ

ሰላም ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ - ብፍላይ ድማ ዓምዲ ስድራቤት! ኣነ ራህዋ ኣብዲ እየ ዝበሃል። ኣብ ሃገረ ሽወደን ድማ እየ ዝቕመጥ። ቅድሚ ናብ ስደት ምኻደይ፡ ምስ ወላዲተይ ወ/ሮ ኣምለሰት ገረህላሰ ባህታ እየ ዝቕመጥ ነይረ። ድሕሪ ንስደት ምኻደይ ግና፡ ከም'ቲ ዝደለ ርኹብ ክንገብር ብዘይምኽኣልና፡ ደሃያ ካብ ዘይረኽብ ነዊሕ ዓመታት ገይረ ኣለኹ።

ወላዲተይ መበቆል ዓዳ ቤት-ሰማዕቲ ንኡስ ዞባ ጸሮና እዩ። ኣባል ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኩይና ናጽነት ምስ ኣተወት ከኣ፡ ኣብ ሰለስቲኡ ወራራት ወያኔ፡ ፈለማ ኣብ ኮር 491፡ ክፍለ ሰራዊት 16፡ ሰዒቡ ድማ ኣብ ክፍለ ሰራዊት 31፡ 1ይ ብርጌድ፡ 1ይ ቦጦሎኒ ተመዲባ፡ ኣብ ምኽባር ልኡላውነት ሃገር ግቡኣ ፈጺማ እያ። ብምኽንያት ወላድ ማለት ንዓይ ስለዝወለደት ከኣ፡ ካብ ሰራዊት ወጺኣ፡ ሲቪላዊ ሂወታ ክትመርሕ ጀሚራ። ኣነ ክሳብ ዓበየ ንስደት ዝኸይድ፡ ብሓደ ኢና ንነብር ነይርና። ሓደ ካብ'ቲ ንወላዲተይ ዝበራ ባህሪ፡ ናብ ጉዳማት፡ ኣብያተ ጸሎትን ማይ ጸሎትን ሒዛትና ትኸይድን ትብጽሓን ምንባራ'ዩ። ብፍላይ ዓበይቲ ሃይማኖታዊ በዓላት ናብ ዝቖጸሉ ቦታታት ትኸይድ ነይራ። ንኣብነት፡ ገለ ካብ'ቶም ንዓይ ሒዛትኒ ትኸዶምን ትብጽሖምን ዝበረት ጉዳማት - ካብ መንደፈራ ወጻኢ ኣልካ ዝርከብ ጉዳም እንዳ ጋብር ደርዓንቶ፡ ጉዳም እንዳ ኣቡነ ተኽለሃይማኖት (ቀይሕ ኮር)፡ ካብ ሰርሓ ወጻኢ ኣልካ ዝርከብ ጉዳም ወይ ማይ ጸሎት እንዳ ጋብር ኮኾባይ፡ ናብ ደብረ ሲና ወዘተ ከይደና ንፈልጥ ኢና።





ኣምለሰት ኣብ ታዕሊም

ወላዲተይ፡ ወ/ሮ ኣምለሰት ገረህላሰ ባህታ፡ ብ13 ግንቦት 2016 ካብ ገዛ ምስ ወጸኣት ክሳብ ሎሚ ደሃያ የብልናን። ይኹን'ምበር፡ ካብ'ታ ካብ ገዛ ዝወጸኣትላ ግዜ፡ ኣብ ገለ ኣዋርሕ ካብ ደቀምሓረ ንዖላ ኣብ ዝወስድ መገዲ ዝርከብ ቀይሕ ኮር እንዳ ኣቡነ ተኽለሃይማኖት ማይ ጸሎት ተራእያ ምንባራ ሓበሬታ በጺሑና ነይሩ። ካብኡ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ናብ ሰሳሕ ዝበሃል ዓዲ ከም ዝኸደት ተነጊሩና። ብመሰረት'ቲ ዝተዋህበና ሓበሬታ፡ ሓትነታተይ ደሃያ ክንረክብ ናብ'ቲ ቦታ ምስ ከዱ መጺኦ ከምዝነበረት፡ የግዳ ገዛ እንዳ መሓዛኣ ተዓጽዩ ምስ ጸንሓ ከም ዝተመልሰት ደቂ እቲ ዓዲ ሓቢሮመን። ብምቕጻል፡ ድሕሪ ክልተ ሰሙን'ውን ኣብ ማይ-ዓይኒ፡ ጸኒሓ'ውን ኣብ ደቀምሓረ ቤተ ክርስትያን እንዳ መድሃኔኣለም ከምዝተራእየት ተሓቢሩና። ካብኡ ንደሓር ግን፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ'ዚ ቦታ ርኢናያ ዝበል ኣይረኸብናን።

ሓትነታተይን ቤተሰበይን ደሃይ ወላዲተይ ንምርካብ ብዙሕ ጻዒረን ደልየንን ክዕወታ ኣይከኣላን። ኣነ ድማ ኣብ ዓዲ ስደት ኩይነ፡ ደሃይ ናይ'ታ ዝፈትዋ ወላዲተይ ክረኽብ ብዘይምኽኣለይ፡ ብዙሕ ይኹብደንን እንታይ ከም ዝገብር ይሸግረንን ኣሎ። ወላዲተይ ካብ'ቲ ቅድሚ ሕጂ እተንጸባርቖ ዝበረት ባህርያት፡ ናብ ጉዳማትን ናብ ኣብያተ ማይ ጸሎትን ናይ ምኻድ ልምዲ ስለ ዘለዋ፡ ኣብ ጉዳማትን ማይ ጸሎትን ትቕመጥ ክትህሉ ትኽእል'ያ ዝብል ልዑል ግምት'ዩ ዘለና። ስለዚ፡ ብፍላይ ናብዚ ቦታታት'ዚ እትመላለሱ ሰባት፡ ኣብ ምድላይ ወላዲተይ ክትተሓባበሩኒ እላበወኩም።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ስድራቤት፡ መንእሰይ ራህዋ ኣብዲ ብዛዕባ ወላዲታ ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ብሕጽር ዝበለ ሓበራትና ኣሎ'ሞ፡ ደሃይ ወላዲታ ኣብ ምርካብ ናይ ወትሩ ምትሕብባርኩም ኣይፈለየ። ነዚ ሂቡቶ ዘሎ ሓበሬታ ተገንዚብኩም ክትሕግዝዎን ደሃይ ናይ'ታ ለይትን ቀትርን ካብ ዝኽሪ ሓሳብ ዘይትፍለያ ወላዲታ ክትረኽብን ብሃንቀውታ ትጽበየኩም ኣላ። ስለዚ፡ ወ/ሮ ኣምለሰት ገረህላሰ ባህታ ዘላቶ ቦታ ዝፈልጥ ወይ ብዛዕባኣ ሓበሬታ ዘለዎ ሰብ፡ ብቑጽሪ ቴለፎናት 07282301 ወይ 07420207 ወይ ድማ 116266 ብምድዋል ክትተሓባበሩዋ ንምሕጽን።





ወ/ሮ ኣምለሰት ገረህላሰ (ኣብ በበይኑ እዋን ዝተሳእለቶ)

## ምስ ወለዱን ቤተሰቡን ንኽራኸብ

ሮቤል ጉይትኦም እዩ ዝበሃል። እዚ ስም፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዝሃቦ እዩ። ምኽንያቱ፡ ሮቤል ባዮሎጂያዊያን ወለዱ ኣይፈልጦን እዩ። ይኹን'ምበር፡ ገና ብህጻኑ እንከሎ፡ ከም ሞግዚት ኩይኖም ብልዑል ክንክንን ሓልዮትን ዘዕበዩዎ ወለዲ ስለ ዝረኸበ፡ ምስ ኣሕዋቱ ብፍቕሪ ማሚቑ'ዩ ዓብዩ።

ሮቤል ብዕለት 10/10/1995 እዩ፡ ኣብ ሰገር ሩባ ባርካ (ኣቑርደት)፡ ያሃን ኣብ ዝበሃል ናይ ሽዑ ጥቓ ጀርዲን ሃይለ ገ/ሄር ኣብ እግሪ ላኻ (ዓኰበኰባይ) ብሸገማና ተሸፊኑ ሰዓት 5:00 ወጋሕታ ኣቢሉ ተደርቢዩ ተረኺቡ። ሽዑ ሮቤል ወዲ ክልተ ሰሙን ይኸውን ነይሩ። ንሮቤል፡ ሑመድ መሓመድ ሑመድ ዝተባህለ ዓዱ ሓሸላ ተቐማጢ ዞባ ሓርነት'ዩ ረኺቡ ንፖሊስ ኣውራጃ ባርካ ኣረኪቡዎ። ፖሊስ ምስተረከቡዎ ድማ፡ ብቐጥታ ናብ ሆስፒታል ኣቑርደት ክፍሊ መወልዳን ተወሲዱ፡ ንሓደ ወርሒ ማለት ክሳብ ዕለት 10/11/1995 ዘድሊ ሕክምናዊ ክትትል ተገይሩሉ።

ድሕሪ'ዚ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ምሉእ ሓላፍነት ወሲዱ ተረኪቡዎ። ኣብኡ ናብ ኣስመራ ፓፖኒ መጺኡ ደናግል ንዝተወሰነ ዓመት ምስ ኣዕበያኦ፡ ከም ናይ ሞግዚት ወለዲ ኩይኖም ዘዕበይዎ ስድራቤት ረኺቡ፡ ትምህርቱ እናተኸታተለ ብጸቢቕ ዓብዩ ክሳብ ሕጂ ይቕጽል ኣሎ። ሮቤል ኣባል 32 ዙርያ ኩይኑ ሳዋ ወሪዱ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቱ ምስ ዛዘመ ከኣ፡ ናብ ኮለጅ ዘእቱ ነጥቢ ስለ ዝረኸበ ካብ ኮለጅ ሓመልማሎ ብቀዳማይ ዲግሪ ትምህርቱ ዛዚሙ፡ እጃሙ የበርክት ኣሎ።

ሮቤል፡ ኣዝዮም ፈቃራት ወለዲ'ኳ እንተ ኣዕበይዎ፡ መበቑሉ ንምፍላጥ ግን፡ ብመገዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ - ዓምዲ ስድራቤት ሓበሬታኡ ናብ ኣንበብቲ ብምቕራብ፡ ደሃይ ባዮሎጂያውያን ወለዱን ቤተሰቡን ክረኽብ ተበጊሱ ኣሎ። መንእሰይ ሮቤል፡ ብቓላቱ ከምዚ ክብል እዩ ዝገልጽ - "ከም ወለዲ ኩይኖም ዘዕበዩኒ ፈቃራት ኣቦን ኣደን ኣለዉኒ፡ የግዳ ክንዲ ሰብ ኣኺለ ስለዘለኹ መበቁለይ ንምፍላጥ'የ፡ ደሃይ ባዮሎጂያውያን ወለደይ ዝገብር ዘለኹ። ወላዲተይ ጸገም ስለ ዝረኸበቶ ደኣ ገዲፋትኒ እምበር፡ ጸሊኣትኒ ወይ ፈንፊናትኒ ከምዘይኮነት እርድኣኒ እዩ እሞ፡ ኣብ ልዕሊ ባዮሎጂያውያን



ሮቤል ኣብ ህጻንነቱ

ወለደይ (ብፍላይ ወላዲተይ) ዝኾነ ቂምታ ከም ዘይብለይ ክገልጽ እፈቱ። ስለዚ፡ ወለደይ፡ ብሂወት እንተ ደኣ ሃልዮም፡ ደሃይ ክገብሩለይ ብተስፋ እጽበ። ህዝብና ከኣ፡ ተሓባባሪ ስለዝኾኑ፡ ብዛዕባ መንነተይ ሓበሬታ ምስ ዝህልዎ፡ ክሕግዘኒ ብሃንቀውታ እጽበ ኣለኹ።"

ሮቤል ኣስዒቡ፡ መንግስቲ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ስለ'ቲ ብሂወት ሰሪሩ፡ ተማሂሩ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ክበጽሕ ዝገበሩሉ ሓልዮትን ክንክንን፡ ልባዊ ምስጋናኡ የቕርብ። ብተወሳኺ፡ ንሶም ከም ኣቦን ኣደን ኩይኖም ክሳብ ሕጂ ሓንቲ ከይጐደሎ ኩሉ እናማልኡ ዘዕበይዎን ዝከናኸንዎን ዘለዉ ናይ ሞግዚት ወለዱን ኣሕዋቱን ድማ ልዑል ምስጋናኡ የቕርበሎም።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ስድራቤት፡ መንእሰይ ሮቤል ጉይትኦም ንዛንታኡ ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ብሕጽር ዝበለ ሓቢሩና ኣሎ'ሞ፡ ባዮሎጂያውያን ወለዱን ቤተሰቡን ኣብ ምርካብ ናይ ወትሩ ምትሕብባርኩም ኣይፈለዮ። ነዚ ሂቡዎ ዘሎ ሓበሬታ ተገንዚብኩም ክትሕግዝዎ ብሃንቀውታ ይጽበየኩም ኣሎ። ስለዚ፡ ብዛዕባ መንነት ሮቤል ሓበሬታ ዘለዎ ሰብ፡ ብቑጽሪ ቴለፎናት 07187386 ወይ 116266 ደዊልኩም ክትተሓባበሩዎ ንላቦ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ኮሜዲ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጩራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 14:15 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 15:55 | ደሃይ ሕትመት |
| 16:40 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ጽባቐ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:35 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሽዕበት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሕሩይ ጸገዘኣብ ተኪኤ፡ ወለደና ጸገዘኣብ ተኪኤ ተላን ብርኽቲ ረድኤት ማናን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ናይ ኣቦና፡ ኣነ ምስ ሓደ ሓወይ ናይ ኣዴና ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ዝፋን ኣስፍሃ ሰሲኖስ፡ ብዓል ቤተይ ሰዩም ጉብረእግዚኣብሄር ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/መሳል ኣማኑኤል ጉብረስላሴ ጉብረ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ሳባ ከፈሉ፡ ንኣይ ፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ተኸፊቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቑ.47 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ለምለም ጉብረኣምላኽ ክፍሉ፡ ብዓል ቤተይ ሄረረኣብ ማሰልኣብ ድራር ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.32 9ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተስፋኣለም ዘርኣም፡ ወ/ሮ ኣወጣሽ ማሰልኣብ፡ ወድና በረኸት ተስፋኣለም ዘርኣም ስለዝዋረፈ፡ ውላድ'ውን ስለዘይብሉ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.32 9ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ብፍ/ሰ/መሳል 1.ት/ዕድመ ሳሙኤል ተስፋይ ሞግዚት ምብራቕ ይሕደጎ 2.ት/ዕድመ ኣድያም ተስፋይ ሞግዚት ሸውሃት ሓገዝ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ኛ የሲፍ በርህ ገደሉ፡ ምሕረት ሓንጣል +2 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ኣልኣዛር ግርማይ ሓድጉን ተኸሳሲት ወ/ሮ ዓወት ዳንኤል ትኳቦን ዘሎ ናይ ገዛ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ፡ ተኸሳሲት ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ፡፡

ከሳሲት ቅዱሳን ጉብረሂወት ደበሳይ፡ ተኸሳሲ መሓመድ ሓምዴ እድሪስ፡ ንኣይ ስም ምትሕልላፍ መኪና ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን21/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ዘውዲ የሃንስ መብራህቱን ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ኛ ግደይ ሃብተ ጭሩምን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ወረስቲ ብፍ/በ/ዕዳ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ፡፡

ከሳሲ ተኽለት ተስፋይ ጉብረመድህን፡ ተኸሳሲት ኣዘመራ ሓለፎም ጊላሚካኤል፡ ንምትሕልላፍ ስም ዋንነት መኪና ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 1ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ፡፡

ሸዊት ዓንደ ወልደትንሳኤ ምባል ተረፉ፡ ሸዊት ዓንዶም ወልደትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/መሳል ዳዊት ሃይለ መሓሪ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ኛ ጺጋይ ወልደትንሳኤ፡ 1.ዮርዳኖስ ጺጋይ ወልደትንሳኤ 1.2 ንግስቲ ጺጋይ ወልደትንሳኤ 1.3.ሰናይት ጺጋይ ወልደትንሳኤ 1.4.ክፍለማርያም ጺጋይ ወልደትንሳኤ 1.5.ትብለጽ ጺጋይ ወልደትንሳኤ 1.6 ሃብተማርያም ጺጋይ ወልደትንሳኤ 1.7.ኪዳነ ጺጋይ ወልደትንሳኤ 1.8. ወ/ሮ ምሕረት ጺጋይ ወልደትንሳኤ 2.ጸሃዩ ዘርኣሃይማኖት ዘሎ ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ስም ዋንነት ምትሕልላፍ ዝምልከት ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ 1.8. ወ/ሮ ምሕረት ጺጋይ ወልደትንሳኤ ኣድራሻኣ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕኪ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ብስራት የናስ ኣርኣያ ምባል ተረፉ፡ ሶሊያና የናስ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ለተብርሃን ክፍለየሱስ ተኽለ፡ ብዓል ቤተይ ጎይትኦም ፍስሓጼን ዘርኣ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ኣቶ ጺጋይ የማን ድራር፡ ሓወይ የናስ የማን ድራር ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ህልዋት ኣሕዋተይን ምስ 8 ተተካእቲ ምዉት ሓወይን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ይግ/በዛሊት ወ/ሮ ፍረወይኒ ነጋሽ +2 ኣንጻር መ/ወዝቢት ወ/ሮ መርየም ማዕሩፍ ይግባይ መዝገብ ተኸፊቱ ስለዘሎ፡ መ/ወዝቢት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ፡፡

ኣቶ ተስፋልደት ጉብረሚካኤል ጉብረ፡ ሓትነይ ብርሃ ይግዘው እምነቱ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ኣመልካቲ ኣሕዋተይ ካብ ነፍ/ብርሽ ይግዘው ዝውለዱ 5 ደቃ ከምኡ'ውን ካብ ነፍ/ዘውዲ ይግዘው ዝውለዱ 2 ደቃ ወ/ሮ ታፈሸት ይግዘው እምነቱ፡ ወ/ሮ ሃይማኖት ይግዘው ካብ ነፍ/ሄር ሃብተ ይግዘው 4 ደቁ ወ/ሮ ለተኺዳን ይግዘው ካብ ነ/ፍ ለተገርግስ ይግዘው 2 ደቃ ኣቶ ማሓሪ ይግዘው ወ/ሮ ሂወት ይግዘው ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣለን ካሕሳይ ጉብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ሃይለ ጉብረዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 12 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓደኒ ለገሰ ተሰሞ፡ ወደይ ናትናኤል ግርማይ ተስፋጋብር ስለዝተሰወኣ፡ ኣነ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሱሌማን መሓመድ ፋይድ ድራር ምባል ተረፉ፡ ሱሌማን መሓመድ ድራር ፋይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

መሓመድ ዑመር እድሪስ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ዑመር እድሪስ መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓዋጥር መሓመድእድሪስ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ዓዋጥፍ መሓመድእድሪስ መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ሰረጀቃ ከባቢ ዓዲ-ኣካሉም ኣብ ገሸናሽም፡ ፕሎት 1፣ ፓርሰል 'A' ብመለለዪ ቁ/ንብረት 1LRSJK000001 ዝፍለጥ፡ ትካል መፍረ እንስሳን ቀለብ እንስሳን ኣብ 1.900 ሄክታር ዝተደኮ ብሚኒስትሪ ማይን መሬትን ኣከቡበን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመሰል ተጠቃምነት (lease) ብሽመይ ዝተፈቕደ መሬት ሕርሻን፡ ከምኡ ድማ ፓርሰል 'A' ብመለለዪ ቁ/ንብረት 1LRSJIK000002 ዝፍለጥ፡ ኣብ 6.388.37 ት/ሜ ዝሰፍሓቱ መሬት ዝተደኮ፡ ብክፍሊ መሬት ሚኒስትሪ ማይን መሬትን ኣከቡበን ብመሰል ተጠቃምነት (lease) ብስመይ ዝተፈቕደ መሬት ሕርሻ ኣሎ፡፡ ዚ ተጠቒሱ ዘሎ ንብረት ብምብርኻት "ጺጋና መፍረ ጸባን ወጽኢቱን ሓ.ዝ.ብ.ማ" ዝተሰምየ ካምፓኒ ብምቛም ብርክታት ወኒነ ኣለኹ፡፡ ስለዚ ድማ እቲ ብስመይ ዝበረ መሰል ተጠቃምነት ብስም ጺጋና ሓ.ዝ.ብ.ማ ይኸውን ስለ ዘሎ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ'ዚ ምልክታ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መኣገዲ ከቕርብ እሕብር፡፡



### ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com
ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

### ምልክታ ጨረታ

ዓዳጊ፡ ጨ/ሚኒ/ትምህርቲ ዞ/ማእከል
ኣርእስቲ፡- ኣብ ባህላዊ ንጥፈታት ንዘተዓወቱ ተመሃሮ ዝውሃብ ሽልማት (ቦርሳ)
ዓይነት ጨረታ፡- ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
ጨ/ሚ/ትምህርቲ ዞ/ማእከል ኣብ 2024/2025 ዓመት ትምህርቲ ካብ 1ይ ክሳብ 2ይ ደረጃ ኣብ ዝተኻየደ ባህላዊ ንጥፈታት ንዕዉታት ተመሃሮ ዝውሃብ ሽልማት (120 ቦርሳታት) ብጨረታ ክገዝእ ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ነጋዶ ይዕድም፡፡

1. ተጫረትቲ ባዕሎም ብኣካል/ሕጋውያን ወኪላት ከምኡ'ውን ክሳተፉ ዝደልዩን ስነ ስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሕጋውያን ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ድሕሪ 10 መዓልታት ሰዓት 10፡30 ቅ/ቀትሪ ይኽፈት፡፡
2. ተጫረትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል እናመጹ ወይ ብቁ/ቴለፎን 180386 ብምድዋል ክውከሱ ይኽእሉ፡፡
3. ተጫረትቲ ክማልእዎም ዘለዎም ረቛሒታት
3.1 ዝኸፈልዎ ዋጋ ብዕሹግ ሰታራት የቕርቡ፡፡
3.2 ቅዳሕ' ናይ 2019 ዓመት ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ቅዳሕ መንነትን ናይ 2023 ዓመት ካብ ዕዳ ኣታዊ ወሽጢ ሃገር ናጻ ምኳናም ዝሕብር ሰነዳት የቕርቡ፡፡
3.3 ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ከፊሎም ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ካብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
3.4 መኽበሪ ጨረታ ዘይምለስ ናቕፋ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ብC.P.O የትሕዙ፡፡
3.5 ዝተዓወተ ትካል ብናቱ መጓዓዝያ ንብረት ንዝምልከቶ ኣካል የረክብ፡
N.B ጨ/ሚኒ/ትምህርቲ ዞ/ማእከል ካብ ዝተጉብረ ጨረታ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡


ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ፡ ካልኣይን ላዕለዋይን ደረጃታት


Golden Integrated | Algebra & Geometry

ስነ-ቁጽሪ ብዝቐለለ መገዲ ንኽንመልኽን ኣብ ክፍሊ ይኹን ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ክንዕወት ዝሕግዛ መጻሕፍቲ፡፡

ትሕዝቶ መጻሕፍቲ፡-

- ኩሉ ዓይነት መግለጺ ናይ ኣልጀብራን ጆሜትርን ዘጠቓለላ
- ልዕሊ 700 ኣብነታት ምስ ኣሰራርሕኡ
- ልዕሊ 1700 ሕቶታት ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመሳሰሉ ሕቶታት ምስ መልስታቶም




ቴሌፎን፡- 07114840

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ቀጺሉ
### ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ውድድር ገፊሕ ውጽኢት ተመዝጊቡ

ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት፡ ካልኣይ ዲቪዥን ሻምፕዮን ደቂ ኣንስትዮ፡ ከምኡ'ውን ዘዋሪት ዋንጫ ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ኣብ ዝተፈላለዩ ስታድዮማት ቀጺሉ ነይሩ።

ሰንበት ኣብ ዝተኻየደ ዘዋሪት ዋንጫ፡ ፊልማ ማይ ተመናይን ጥሕበን እየን ተጻዊተን። ማይ ተመናይ፡ ብገፊሕ 6-0 ተዓዊታ።

ሰዒበን ፓራዳዞን ጎዳይፍን ክጻወታ እንከለዋ፡ ዛጊት ኣብ ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዓወት ክየመዝገበት ዝጸንሐት ፓራዳዞ 3-0 ብምዕዋት፡ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሰጊራ።

ግጥም ኮርፖረሽን ጥራትን ዘራእትን ምስ ኣስመራ በራ ኣብ መወዳእታ ተሰላሲሉ። ጥራትን ዘራእትን መሳጢ ጸወታ ብምጽብራቕ ንኣስመራ በራ ኣብ ዝበደሃትሉ፡ ኣብ ምድብ ግዜ 0-0 ተፈላልየን። ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣብ ዝምረሓሉ ግና፡ በራ 4-3 ተዓዊታ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሰሉስ ምምሕዳር ሰምበል ምስ ኣኽሪያ፡ ጎዳይፍ ምስ ኣልታሕረር ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ብዘካይዳኦ ጸወታታት ክቕጽል እዩ። ቀዳመማ ጸወታ 1፡30 ድ.ቀ ክጅምር እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ቀዳም ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ሻምፕዮን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስታድዮም ኣስመራን ሜዳ ሃገራዊ ፌደረሽንን ተኻዪዱ ነይሩ። ኣብ ስታድዮም ኣስመራ፡ ገጀረት ንዕዳጋ ሓሙስ 10-0 ክትስዕራ እንከላ፡ ሹሻን መብራህቶም ድማ፡ ብልጽቲ ተጻዊቲት ናይቲ ግጥም ተባሂላ። ናይ ዓሚ ዕውትቲ ናይ'ዚ ውድድር ደንደን ከኣ፡ ንጎዳይፍ 10-0 ኣሰኒፋታ። ሰለስተ ሽቶታት ዘመዝገበት ሄርሞን እዮብ ከኣ፡ ናይቲ ግጥም ብልጽቲ ተጻዋቲት ተጸዊዓ።

ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓታት ኣብ ሜዳ ሃገራዊ ፌደረሽን'ውን ክልተ ግጥማት ተኻዪዱ ነይሩ። ፊልማ ካብ ዝተጻወታ ጋንታታት ሰገን ንሓይሊ ኣየር 2-0 ሰዒራታ። ኣባላ ዳናይት መሓሪ ድማ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ። ኢንሹራንስ ከኣ፡ ንምምሕዳር ሰምበል ብገፊሕ 14-0 ረቲዓታ። ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይ'ዚ ግጥም ድማ፡ ሽዱሽተ ሽቶታት ዘመዝገበት ኣባላ ኣርሴማ ተኽለሃይማኖት ተጸዊዓ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ግጥማት ካልኣይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ'ውን ብቐዳም ኣብ ሰለስተ ሜዳታት ቀጺሉ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ጸጸራት ንቲራቮሎ 1-0፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ንምምሕዳር ሰምበል 4-3፡ ሓይሊ ኣየር 'ቢ' ንገጀረት 2-1፡ ደንደን 'ቢ' ንዕዳጋ ሓሙስ 3-1፡ ኩጥንያ ህንጻ ሳዋ ንማይ ተመናይ 'ቢ' 4-0፡ ግዛ ጥንዳ ንኣኽርያ 1-0 ከምዝሰዓረኦን ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።



## ድባርዋ - ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ ተዛዚሙ

ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ ከተማ ዱባርዋ፡ ሰንበት 29 ታሕሳስ ምዝዛሙ፡ ወኪል ዜና ናይ'ቲ ቦታ ሓቢሩ።

ኣብዚ ካብ 8 ታሕሳስ ዝጀመረ ውድድር፡ ሰለስተ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ ከምኡ'ውን ሓደ ዲቪዥን ደቂ ኣንስትዮ ነይረን። ኣብዚ ዓመት ቀጽሪ መንእሰያት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ተሳታፍቲ ደቂ ኣንስትዮ ዝበረኸ ኮይኑ፡ ተወዳደርቲ ብምልላይ ዕድላት ከም ዝተፈጠረሎም ተሓቢሩ።

ኣብቲ ዕለት ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን፡ ሰድ ሳምሶን ቀዳማይ ክኣቱ እንከሎ፡ ናታን ጉበራ፡ ኣዶናይ ጉበረስላሴ፡ ደጆን ሃብተማርያም፡ ኤሾን የውሃንስን ሳምሶም የናስን ተኸቲሎሞ።

ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ድማ፡ ሳይሞን ጸገዘኣብ ካብ ጋንታ ሰላም ተዓዊቱ። ሜላዊ ሳምሶን - ራህዋ፡ ምሰዮና ኢያሱ - ራህዋ፡ ኣሚናድኣብ ርእሶም - ሓድነት፡ ኬብሮን ጉበረትንሳኤን ተመሳሰስን ካሕሳይን ካብ ሰላም ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ጸገ ብጹኣምላኽ ክትዕወት እንከላ፡ ልዋም ኪዳምርያም፡ ሳምራዊት ደብሳይ፡ የርሳሌም በረኸት፡ ሰዶና ሳሚኤልን ኮኾብ ኣብርሃምን ክሳብ ሻዱሻይ ኣትየን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ናይ ጋንታ ሰላም ተቐዳዳማይ ሳሚኤል ሚካኤል ቀዳማይ ኣትዩ። ሄርሞን ኣብርሃም - ሓድነት፡ ኤሾን ጎይትኦም - ሰላም፡ ያፈት የማነ - ራህዋ፡ ኣሚናድኣብን ዘራኤል ኣማንኤልን ካብ ሓድነት ንዝተረፈ ደረጃ ሒዞም።

ብሓፈሻ ብነጥቢ ከኣ፡ ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ሳይሞን የናስ ተሸላሚ ወርቂ መዳልያ ክኸውን እንከሎ፡ ናታን ጉበርን ሰድ ሳምሶንን ብሩርን ኑሓስን ተሸሊሞም። ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ኬብሮን ጉበረትንሳኤ፡ ሳይሞን ጸገዘኣብን ሜላዊ ሳምሶንን ተሸለምቲ ኮይኖም።

ብወገን ደቂ ኣንስትዮ፡ ጸገ ብጹኣምላኽ፡ ልዋም ኪዳምርያምን ሳምራዊት ደብሳይን ቀዳሞት ሰለስተ ተቐዳደምቲ እንክኾና፡ ሄርሞን ኣብርሃም፡ ሳሚኤል ሚካኤል፡ ናትናኤል ሙሉ ካብ ጋንታ ራህዋ፡ ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ብነጥቢ ጸቢሎም ኣለዉ።

ብደረጃ ጋንታ ከኣ፡ ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ሰላም 42 ነጥቢ ብምእካብ ዋንጫን ወርቂ መዳልያን ተሸሊማ። ራህዋ 27 ነጥቢ፡ ሓድነት ብ16 ነጥቢ ሰዒበናኣ። ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ድማ፡ 41 ነጥቢ ዘኣከበት ሓድነት - ተሸላሚት ዋንጫን ወርቂ መዳልያን ኮይና። ራህዋን ሰላምን ብተኸታታሊ ብ27ን 21ን ነጥቢ ካልኣይቲን ሳልሳይቲን ተሰሪዐን።



## ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ንተጻወትቲ ኣተባቢዑ

ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ኣኽርያ፡ ኣብ ግራስ ሩት ንዝተጥፉ ህጻናትን ተጻወትቲ ኩዕሶ እግርን ካልኣይ ዲቪዥን ኣተባቢዑ።

ኣቢቲ ኣጋጣሚ፡ ኣመሓዳሪት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ልያ በረኸትኣብ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ንዓውዲ ኩዑሶ እግሪ ኣብ ምምዕባል ብዘለዓለ ክዋስኡ ንዝጸንሑ ኮሚተን ኣሰልጠንትን ብስም እቲ ንኡስ ዞባ ብምምስጋን፡ ስፖርት ካብ መሰረቱ እንተተታሒዙ ዝበለጸ ውጽኢት ከም ዝርከቦ ኣረዲኣ። ከምዚ ዝበለ ንስፖርታውያን ናይ ምትብባዕ መደብ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ተዳኺሙ ከም ዝጸንሐ ብምሕባር ከኣ፡ ብዘሓየለ መዳይ ክስርሓሉ ምዃኑ ቃል ኣትያ።

ኣቢቲ ናይ ምትብባዕ መደብ ሓለፋ ጋንታ ካልኣይ ዲቪዥን ጋንታ ኣኽርያ መኣር ዓብደልውሃብ ብወገኑ፡ ኩሉ ማሰናኸላት ሓሊፍም ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ብምብጽሖም፡ ንኹሎም ኣካላትን ዝ. ሽልማት ንዘወደበ ንኡስ ዞባን ምስጋንኡ ገሊጹ።

እቲ ዝተዋህበ መተባብዒ፡ 50 ሽሕ ወጻኢታት ከም ዝተገብረሉ ይግለጽ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ሃገረ ጀርመን ዝርከቡ ግዱሳት ኤርትራውያን ንመማዕበሊ ስፖርት ብዝብል ዕላማ ዘበርከቱዎ 800 ዩሮ ዝትመን ዕጥቂ ስፖርት፡ ንምምሕዳር ንኡስ ዞባ ግዛ ጥንዳ ተረኪቡ።



## ስፖርታዊ ውድድራት ኣብያተ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ተዛዚሙ

ንኣስታት ሓደ ወርሒ ክካየድ ዝጸንሐ ስፖርታዊ ውድድራት ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ፡ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ተዛዚሙ።

ኣብዚ ውድድር፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ መጀመርታ ደቂ ኣንስትዮ፡ ዓዋተ ንሰሜናዊ ኣስመራ ከምኡ'ውን ማይ ተመናይ ንፍረ ሂወት 2-0 ሰዒረናአን። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ዓዋተ ንማዕርነት 1-0፡ ፍረ ሂወት ንሰሜናዊ ኣስመራ 2-1 ረቲዐናአን።

ኣብ ናይ ማእከላይ ደረጃ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ እምባ ጠቓር ንፍትሒ፡ ዋርሳይ ንባሕቲ መስከረም ብተመሳሳሊ 1-0 ረቲዐናአን። ብደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ባሕቲ መስከረም ንዱዲ ንፉስ 1-0፡ ዋርሳይ ንፍትሒ 3-1 ኣሰኒፈንአን።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ድያእ ንእምባ ጠቓር ከምኡ'ውን ባሕቲ መስከረም ንፍትሒ ብተመሳሳሊ 2-1፡ ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ዲያእ ንዋርሳይ 2-0፡ ፍትሒ ንባሕቲ መስከረም 2-1 ተዓዊተናሉ።

ኣብ ኩዕሶ ሰኪዔት ደቂ ኣንስትዮ፡ ፍትሒ ንእምባ ጠቓር 12-8፡ ባሕቲ መስከረም ንዋርሳይ 34-1፡ ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ፍትሒ ንዋርሳይ 36-18፡ ባሕቲ መስከረም ንእምባ ጠቓር 58-19 ረቲዐናአን።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ መጀመርታ ዕድመ 10ን 11ን ደቂ ኣንስትዮ፡ ቀዳመይቲ ቤት ትምህርቲ ማይ ተመናይ ክትወጽእ እንከላ፡ ፍረ ሂወትን ዓዋተን ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ወጺአን። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ፍረ ሂወት፡ ሰሜናዊ ኣስመራን እድሪስ ዓዋተን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺአን።

ኣብ ማእከላይ ደረጃ ኩዕሶ እግሪ ዕድመ 12ን 13ን ደቂ ኣንስትዮ፡ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ፡ ንባሕቲ መስከረምን ንእምባ ጠቓርን ኣኸቲላ ቀዳመይቲ ወጺኣ። ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ደቂ ተባዕትዮ'ውን ዋርሳይ፡ ንፍትሒን ባሕቲ መስከረምን ኣኸቲላ ተመሳሳሊ ደረጃ ሒዛ።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ማእከላይ ደረጃ ደቂ ኣንስትዮ፡ ባሕቲ መስከረም ቀዳመይቲ ወጺኣ። ፍትሒን ድያእን ከኣ፡ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዘን። ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ፍትሒ፡ ባሕቲ መስከረምን ዲያእን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ተሰሪዐን።

ኣብ ኩዕሶ ሰኪዔት ደቂ ኣንስትዮ፡ ባሕቲ መስከረም፡ እምባ ጠቓርን ፍትሒን ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ባሕቲ መስከረም፡ እምባ ጠቓርን ፍትሒን ከምዝተዓወታ፡ ካብቲ ጨንፈር ዝተረኸበ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

## ሳላሕ፡ ውዕል ክፍርም ገና . . .

ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል ሞ ሳላሕ፡ ኣብዚ ክለብ ሓዲሽ ውዕል ካብ ምፍራም ርሑቕ ከምዘሎ ገሊጹ።

እዚ ወዲ 32 ዓመት ግብጻዊ፡ ምስ ጋንታኡ ዘለዎ ውዕል፡ ምስ ምዝዛም እዚ ወቕቲ ኩብቅዕ እዩ። ካብ ጽባሕ 1 ጥሪ ጀሚሩ ከኣ፡ ካብ እንግሊዝ ወጻኢ ምስ ካልእ ክለብ ብናጻ ናይ ምስጥጋር መሰርሕ ክዘራረብ ይኽእል እዩ።

ሓደ ካብኦም ምስ መሰርሕ ምስጥጋር ተጻወትቲ ብዝተሓሓዘ ቀጻሊ ስሙ ዝለዓል ዘሎ ሳላሕ፡ ድሕሪ'ቲ ንዌስት ሃም 5-0 ዝሰዓሩሉ ናይ ሰንበት ምሸት ጸወታ፡ ብዛዕባ መጻኢኡ ተሓቲቱ ነይሩ።

ንሱ፡ "ውዕል ካብ ምፍራም ርሑቕ እየ ዘለኹ። ብዛዕባ'ዚ፡ ኣብ ማዕከናት ዜና ቀሪበ ክዛረብ ከኣ ኣይደልየን እየ። ኣብዚ እዋን ኣብ ሓሳበይ ዘሎ እንኮ ነገር፡ ሊቨርፑል ናይ ሊግ ዋንጫ ኩተልዕል እዩ፣ ኣነ ኸኣ ኣካላ ክኸውን እየ ዝደሊ። ነዛ ዋንጫ ክንዕትራ ከኣ ዝከኣሎ ክገብር እየ።" ኢሉ። ሳላሕ ኣብ መጀመርያ እዚ ወቕቲ፡ እዛ ጋንታ ሓዲሽ ውዕል ስለዘይቀረበትሉ ከምዝጉሃየ ተዛሪቡ ነይሩ።

ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ብሉጽ ብቕዓት ዘሎ ሳላሕ፡ ኣብቲ ምሸት መበል 17 ናይ ሊግ ሽቶኡ ብምቑጻር፡ ንውድድር ወርቂ ጫማ (ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሽቶ) ይመርሕ ኣሎ። ኤርሊን ሃላንድ፡ ብ14 ሽቶታት ይስዕቦ።

> **መደብ ጸወታ**
> **ሎሚ**
> **ዘዋሪት ዋንጫ**
> ምምሕዳር ሰምበል - ኣኽሪያ 1፡30 ድ.ቀ
> ጎዳይፍ - ኣልታሕሪር 3፡30 ድ.ቀ

### ቅንጥብጣብ

* ኤሲ ሚላን ንዓሰልጣኒኣ ፓውሎ ፎንሰካ ትማሊ ቅድሚ ቐትሪ ካብ መዝነቱ ኣልያቶ። ድሕሪ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ንፎንሰካ ዘባረረቶ እዛ ጋንታ፡ ንኻልእ ፖርቱጋላዊ ዓላሚ - ሰርጆ ኮንሰካኦ ከተምጽኦ ትጽቢት ይግበር።

* ማን ሲቲ፡ ከም መተካእታ ናይ የማን ክንፊ ተኸላኻሊኣ ካይል ዎከር፡ ንናይጀሪያዊ ተጻዋታይ ኖቲንግሃም ኣላ ኣይና ኣብ ራዳራ ኣእትያቶ ኣላ።

* ቸልሲ፡ ነቲ ካብ ፒኤስጂ ክወጽእ ምዃኑ ዝግለጽ ኣጥቃዓይ ኮሎ ምዋኒ ንምፍራም፡ ምስ ማን ዩናይትድ ኣብ ቀልስ ክትኣቱ ከምእትኽእል ተገሊጹ።

# ዜና ወጻኢ

ሽዊት ተኽለ

## ደ/ኮርያ - ኣብ ስርዓተ መገዲ ኣየር መርመራ ክካየድ ተኣዊጁ

ግዝያዊ ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ቾይ ሳንግ-ሞክ፣ ድሕሪ’ቲ ዝሓለፈ ሰንበት ዘጋጠመ ሓደጋ ነፋሪት ኣብ መላእ ስርዓተ መገዲ ኣየር እታ ሃገር ህጹጽ መርመራ ድሕነት ክካየድ ኣዚዙ።

እዛ ብመገዲ ኣየር ‘ጄጁ’ እትውንን 175 ተገዓዝቲን ሽድሽተ ሰራሕተኛታትን ሒዛ ዝነበረት ‘ቦይንግ 737-800’ ዝዓይነታ ነፋሪት፣ ካብ ታይላንድ ተበጊሳ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ሙዋን - ደቡብ ኮርያ ክትዓልብ ኣብ ዝፈተነትሉ እዩ እቲ ሓደጋ ኣጋጢምዋ።



ቡቲ ሓደጋ ድማ፣ ካብ ጠቕላላ 181 ተሳፈርቲ 179 ሰባት ከምዝሞቱ ተገሊጹ።

ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን፣ እቲ ቀዳምነት ዝወሃቦ ነገር ኑዩም ግዳያት ምልላይ፣ ስድራ-ቤቶም ምድጋፍን ኑዩም ክልተ ካብ’ቲ ሓደጋ ዝደሓኑ ሰባት ምሕካምን ምዃኑ፣ ቾይ ኣብ ሴኡል ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ምሕደራ ሓደጋ ገሊጹ።

ብዘይካ’ዚ፣ ፕረዚደንት ቾይ ካብ’ቲ ሓደጋ ዘጋጠመሉ መዓልቲ ጀሚሩ ን 7መዓልታት ዝጸንሕ ሃገራዊ ሓዘን ኣዊጁ ኣሎ።

ሚኒስትሪ መጓዓዝያ፣ ሓበሬታ በረራ እታ ነፋሪትን መቕረጺ ድምጺን ከምዝተረኽበ፣ መርመራ ናይ’ቲ ሓደጋ ንምዝዛም ግን ኣዋርሕ ክወስድ ከምዝኽእልን ገሊጹ።

ጠንቂ ናይ’ቲ ሓደጋ ገና ይምርመር እኳ እንተሃለወ፣ ኣዕዋፍ ኣብ ሞተረታት እታ ነፋሪት ብምእታወን ዝተፈጠረ ክኸውን ከምዝኽእል ግና ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና እታ ሃገር የመልክታ ኣለዋ።

## ኣመሪካ - ቊጽሪ ተናበይቲ ጎደና ወሲኹ

ኣብ ኣመሪካ፣ ቊጽሪ ተናበይቲ ጎደና ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ጥራይ ብልዕሊ 18 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ፣ ክፍሊ ኣባይትን ምምዕባል ከተማን ኣመሪካ ጸብጺቡ።

ልዑል ወጻኢታት ገዛ ክራይ፣ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታትን ናብ ዓበይቲ ከተማታት ዝግበር ስደትን ብምውሳኹ ቊጽሪ ተናበይቲ ከተማ ከምዝዓበየ፣ እቲ ክፍሊ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ኣብ ወርሒ ጥሪ 2024 ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፣ ልዕሊ 770 ሽሕ ሰባት ኣብ መዕቈቢ ወይ ግዝያዊ ኣባይቲ ከምዝነበሩ ይሕብር።

መንግስቲ ኣመሪካ፣ ኣብ 2007 ዓመታዊ ቊጽሪ ተናበይቲ ጎደና ኣመልኪቱ መጽናዕቲ ክካየድ ከምዝጀመረን፣ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተራእየ ወሰኽ ድማ 12 ሚእታዊት ከምዝነበረን ጸብጻቡ የመልክት።

ቡቲ ኩነታት፣ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ከምኡ’ውን 65 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ኣረጋውያን ዝያዳ ተሃሲዮም ከምዝለዉ እዩ፣ እቲ ጸብጻብ ዘመልክት።

ካብ መወዳእታ 2022 ጀሚሩ፣ ኣመሓደርቲ ኣባላት ሰልፊ ሪፓብሊካን ኣብ ግዝያዊ መዕቈቢ ስደተኛታት ቴክሳስን ፍሎሪዳን ዝነበሩ ዓሰርተታት ኣሽሓት ስደተኛታት ናብ ከም ኒውዮርክ፣ ቺካጎን ደንቨርን ዝኣመሰላ ብሰልፊ ደሞክራትስ ዝመሓደራ ከተማታት ምስዳዶም ዝዘከር እዩ።

ብተወሳኺ፣ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2023 ኣብ ማዊ ድሕሪ ዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ፣ ንቊጽሪ ተናበይቲ ጎደና’ታ ሃገር መለሱ ከምዝጋደዶ፣ ጸብጻባት ይሕብሩ።




## “ሃገራዊ ምርጫ ሶርያ 4 ዓመት ክወስድ ይኽእል እዩ” ኣል-ሻራ



ሓድሽ መራሒ ሶርያ ኣሕመድ ኣል-ሻራ፣ ኣብ’ታ ብኩናት ዝተሃሰየት ሃገር ምርጫ ምኪያድ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት ክወስድ ከምዝኽእል ገሊጹ።

ቅድሚ ሰለስተ ሰሙን ብ ኣል-ሻራ ዝምራሕ ልፍንታዊ ተቓዋሚ ሓይሊ ሓያት ታሕሪር ኣል-ሻም፣ ንበሻር ኣል-ኣሳድ ካብ ስልጣኑ ድሕሪ ምእላዩ፣ ብዛዕባ ክህሉ ዝኽእል ናይ ምርጫ ናይ ግዜ ሰሌዳ ርእይቶ ክህብ ንፈለማ እዋን’ዩ።

ንሱ፣ ኣብ’ታ ሃገር ብዘሎ ብቑዓት መረጽቲ ንምፍላጥ ሓድሽ ቆጸራ ህዝቢ ክካየድ ስለዝኾነ ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ምርጫ ክካየድ ከምዝኽእል እዩ ዝገልጸ ዘሎ።

ብዘይካ’ዚ፣ ሓድሽ ቅዋም ምንዳፍ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ክወስድ ከምዝኽእል፣ ዝሓለፈ ሰንበት ንመንግስታዊት ቴለቪዥን ስዑዲ-ዓረብ ‘ኣል-ዓረብያ’ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

ሶርያውያን ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣብ ሃገሮም ርኡይ ለውጢ ክዕዘቡ ተኽእሎ ከምዘሎ ዘረድአ ኣል-ሻራ፣ ሓድሽ መንግስቲ ሶርያ ንነበርቱ ሰላምን ምርግጋእን ንምርግጋጽ ክጽዕር ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣል-ሻራ ወሲኹ፣ ሶርያ ምስ ሩስያ ስትራተጂያዊ ረብሓታት ከምእተኻፈለት ብምግላጽ፣ ንሱ ዝመርሖ መንግስቲ ዘለዎ ናይ ዕርቂ ድልየት ደጊሙ ሓቢሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ሰርጌይ ላቭሮቭ ብወገኑ፣ ኩነታት ወተሃደራዊ መዓስከራት ሩስያ ኣብ ሶርያ፣ ቀንዲ ኣጀንዳ ርክብ ምስ ሓድሽ መራሕነት ሶርያ ከምዝኸውን ምሕባሩ ኣይርሳዕን።

## ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ጂሚ ካርተር ዓሪፉ

ካብ 1977 ክሳብ 1981 መበል 39 ፕረዚደንት ኣመሪካ ኮይኑ ዘገልገለ ጂሚ ካርተር፣ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ መበል 100 ዓመቱ ከምዝዓረፈ፣ እቲ ፕረዚደንት ነበር ዝመስረቶ ዘይመንግስታዊ ማእከል ‘ጂሚ ሰንተር’ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ 100 ዓመቱ ዝጸምበለ ካርተር፣ ዋላ’ኳ ንኣስታት ክልተ ዓመት ብዘጋጠሞ ሕማም መንሽሮ ቀርበት ኣብ መንበሪ ቤቱ ሕክምናዊ ክንክን ክግበረሉ እንተጸንሐ፣ ጠንቂ ሞቱ ግና ዛጊት ኣይተሓበረን ኣሎ።

ኣብ 1977 ፕረዚደንት ኣመሪካ ንምዃን ዝጠቐዐ ተዓዊቱ ሽልማት ኖቤል ሰላም ዝኸሰበ ካርተር፣ ኣብ ዋይት ሃውስ ንኣርባዕተ ዓመታት ጥራይ ዝጸንሐ ፕረዚደንት እዩ።

ኣባል ሰልፊ ደሞክራትስ ዝነበረ ካርተር ኣብ 1977 ፕረዚደንት ቅድሚ ምዃኑ፣ ኣመሓዳሪ ጆርጅያ፣ ኣባል ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካን ሓረስታይን እዩ ነይሩ።



ኣብ 1980 ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዝተኻየደ ምርጫ ብጠፈሕ ዝተሳዕረ ካርተር፣ ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲን ካልኦት ሽዱሽተ ክፍላተ-ሃገርን ጥራይ እዩ ተዓዊቱ።

ካርተር፣ ኣብ’ታ ሃገር ዝነውሐ ዕድመ ዝጸንሐ ፕረዚደንት ነበር እዩ።

## ቀጠር፣ ኣብ 2024 ልዕሊ 5 ሚልዮን በጻሕቲ ኣአንጊዳ

ቀጠር፣ ኣብ 2024 ልዕሊ ሓሙሽተ ሚልዮን በጻሕቲ ከምዝተቐበለትን እዚ ድማ ምስ 2023 ክነጻጸር እንክሎ ብ25 ሚእታዊት ወሰኽ ኣህጉራውያን በጻሕቲ ከምዝርኣየን፣ ተቐጻጻሪ ኣካል ጽላት ቱሪዝም ቀጠር ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ኣፍሊጡ።

ሓላፊ ቱሪዝም ቀጠር ሳዓድ ኣል-ካርጂ፣ “ልዕሊ ሓሙሽተ ሚልዮን በጻሕቲ ኣብ ዓመት ምእንጋድ ንቐጠር ፍሉይ ዓወት’ዩ፣ እዚ ድማ ነታ ሃገር ሓንቲ ካብ’ተን ብቐልጡፍ ዝዕቢያ ዘለዋ ንበጻሕቲ ዝመቹኣ ሃገራት ዓለምና ክትከውን ኣብቂዕዋ ኣሎ” ኢሉ።

ኣል-ካርጂ ወሲኹ፣ ኣብ 2024፣ 10 ሚልዮን ናይ ሆቴል ክፍሊታት ኣብ ኣገልግሎት ምውዓሉ፣ ዓወት ስትራተጂ ቱሪዝም መንግስቲ ቀጠር ዘንጸባርቕ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ቀጠር፣ ቁጽሪ በጻሕቲን ኣብ መዕረፊ ቦታታት ዝወጽኦ ወጻኢታትን ብዕጽፊታት ንምዕባይን፣ ቱሪዝም ኣብ ጃምላዊ ሃገራዊ እቶት ዘለዎ ኣበርክቶ ናብ 12 ሚእታዊት ክብ ንምብላን ዕላማ ከምዘለዋ፣ እቲ ብዓል-ስልጣን ወሲኹ ኣመልኪቱ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ምሕረት | 31/12/2024 | ጎደና መረብ ቁ.18፣ ከባቢ ካምቦሎ | 124151 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ	ቁ.ቴሌፎን 127565